## መጽሓፍ ቅዱስ ንህጻናት

# የሱስ ማዕበል ከምዝህድእ




ጸሓፊ :- Edward Hughes
ገላጺ :- Janie Forest
Alastair Paterson
ኣወሃሃዲ፣ Ruth Klassen
ትርጉም ፥ Daniel Efrem


ኣባዛሒ:- Bible for Children
www.M1914.org

BFC
PO Box 3
Winnipeg, MB R3C 2G1
Canada



©2021 Bible for Children, Inc.
ፍቓድ፣ ምቅዳህን ምብዛሕን እዚ ዛንታ ፍቁድ እዩ። ኣብ መሸጣ ክሳዕ ዘይወዓለ፣






ሓደ ግዜ የሱስን ደቀምዛሙርቱን ኣብ ብጃልባ እናተጓዕዙ፡ ሓያል፡ ማዕበል ተላዕለ። እቲ ህዱቕ ዝነበረ ባሕሪ ናይ ገሊላ ብማዕበል ተናዊጹ ነበረ። እዚ ከምዚ ዓይነት ማዕበል ነታ ጃልባ ከጥሕላ ውን ይኽእል እዩ።

በቲ ማዕበል ድማ እቶም ደቀ መዛሙርቲ ፈርሁ። እቲ ማዕበል ነታ ጃልባ ማይ ክመልኣ ጀመረ። የሱስ ግን ኣብኡ ደቂሱ ነበረ። እቶም ደቀ መዛሙርቱ ግና " ጎይታ ጠፋእና፡ ጠፋእና " እናበሉ ኣተንስእዎ።



3

"ኣቱም እምነት ዝጎደሎም፡ እንታይ ኮንኩም ፈራህኩም?!" በሎም የሱስ ነቶም ደቀ መዝሙር። ሽዑ የሱስ ነቲ ማዕበል ክሃድእ ኣዘዞ ...



4

ሽዑ ኩሉ ከምዝነበሮ ኮነ ... እቲ ማዕበል ድማ ሃድኤ! በዚ ድማ እቶም ደቀ መዛሙርቱ ተገረሙ፡ " ንፋሳትን ማዕበላትን ዝእዘዝዎ'ስ፡ መን'ዩ እዚ?"



5

ድሕሪ ገለግዜ፡ ንየሱስ ልዕሊ 5000 ሰባት ስዓብዎ፡፡ እቲ ዝነበርዎ ቦታ ድማ ኣዝዩ ደረቅ ምድረበዳ ነበረ። የሱስ ድማ ብውሑድ፡ መግቢ ሓደ ሰብ ዝተማልአ፡ ንብምልኡ ህዝቢ መገቦ። ምስመሰየ ድማ ንኩሉ ሰብ ናብ በቤቱ ሰደዶ።



6

ደቀ መዛሙርቱ ዋላ ክኸዱ ነይርዎም። ስለዚ ብጃልባ ናብ ስግር እቲ ዝነበርዎ ባሕሪ ክኸዱ ነገሮም።



7



ኩሉ ሰብ ምስከደሉ ድማ የሱስ ናብ ሓደ ከረን ደይቡ ክጸሊ ጀመረ። ምሉእ ለይቲ ድማ ይጸሊ ነበረ።

8



እቶም ደቀመዛሙርቱ ድማ ኣብ ሞንጎ መንገዶም ብንፋስ ባሕሪ፡ ማዕበል፡ ተናወጹ። ዋላ'ኳ ብዙሕ እንተጽዓሩ፡ እቲ ማዕበል ግን ንከይሳገሩ ኣደናጎዮም። እቶም ደቀ መዛሙርቲ፡ ኣይፈለጡን ድኣ እንበር ንዓቢን ዘገርምን ነገር ነበረ።

9



ኣብ ከባቢ ስዓት ሰለስተ ክሳብ ስዓት ሽዱሽተ ንግሆ ይከውን፡ ኣብ ሞንጎ እቲ ብማዕበል ዝተረበሸ ባሕሪ ሓደ ዘሰንብድ ነገር ርኣዩ ... እንታይ ኮን ርእዮም ይኾኑ?!! " እዚ 'ምትሃት' እዩ!! " ድማ በሉ። 'ምትሃት' ማለት ናይ ሰይጣን መንፈስ ወይ ሽሑር ማለት እዩ። የሱስ እዩ ግን ነይሩ። እወ! ጎይታ የሱስ እዩ፡ ዝመጾም ነይሩ፡፡ ብማየ ማይ እናተጓዕዘ መጾም!!!

10

"ህድእ በሉ!" በሎም የሱስ። "ኣነ እየ፡ ኣይትፍርሁ!" ወሲኹ በሎም። ጴጥሮስ ድማ "ጎይታ፡ ንስኻ እንተኮንካ፡ ንዓይ ድማ ብማየማይ ክመጽካ ኣዘዝ" በሎ። የሱስ ድማ " ንዓ!" በሎ። ጴጥሮስ ድማ ካብታ ጃልባ ወጺኡ፡ ብትብዓት ናብ የሱስ ገጹ ክኸይድ ጀመረ።



11



ኣብ ሞንጎ ግን ብርቱዕ ንፋስ ክነፍስ ምስ ጀመረ፡ ጴጥሮስ ፈርሀ እሞ ክጥሕል ጀመረ። ሽዑ ብኽያት ብዝመስል፡ "ጎይታ ርድኣኒ! ርድኣኒ!!" በሎ።

12

ብቕልጡፍ የሱስ ኣእዳዉ ዘርጊሑ ንጴጥሮስ ሓዞ፡ "ኣታ እምነት ዝጎደሎ!፥ ንምንታይ ትጣራጠር?"በሎ እሞ፡ ናብታ ጃልባ ኣተዉ፡ ብኡብኡ ድማ እቲ ንፋስ ሃድኤ።



13



እቶም ኣብታ ጃልባ ዝነበሩ ድማ ንየሱስን እቲ ዝኾነን ምስ ርኣዩ፥ "ንስኻ ናይ ብሓቂ ወዲ ኣምላኽ ኢኻ በልዎ"። ናይ የሱስ ብምኧኗኖም ድማ ተሓጎሱ!!!

14

የሱስ ማዕበል ከምዝህድእ

ዛንታ ካብ ቃል እግዚኣብሄር። መጽሓፍ ቅዱስ

ወ.ማትዮስ 8 ፡ ወ.ማትዮስ 14 ፡
ወ.ማሪቆስ 4 ፡ ወ. ሉቃስ 8

″ምኽፋት ቃልካ የብርህ ንገርህታት ኣእምሮ
ይህብ።″ መዝሙር 119፣130






48

60



እዚ መጽሓፍ ብዛዕባ እቲ መደነቕ እግዚኣብሄር ኣምላኽ እዩ ዝነግር፣

ቃል ኣምላኽ ኩልና ሓጢእና ክብሪ ኣምላኽ ከም ዝሰኣና
ይነግረና፣ ዓስቢ ሓጥኣት ሞት እዩ። ውህበት ጸጋ ኣምላኽ ግና
ብየሱስ ክርስቶስ ጎይታና ናይ ዘለኣለም ህይወት እዩ፣ ንሕና ገና ሓጥኣን ከሎና
ክርስቶስ ኣብ ክንዳና ሞይቱ እዩ እሞ ኣምላኽ ኣታ ፍቕሩ ንኣና ብዚ የርኢ ኣሎ፣
እንተ ንየሱስ ክርስቶስ ከም
ጎይታናን መድሓኒናን ተቀቢልናዮ ንሱ ካብ ኩሉ ሓጥያትናን
ኣበሳናን እቅረ ክብለልና እሙንን ጻድቕን እዩ፣

ኣምብኣረይ ሕጂ እዚ ጸሎት እዚ ብሓባር ንጸሊ!
“ኦ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ብሓጥያተይ ይእመን ኣለኩ። የሱስ
ወዲ ኣምላኽ ኣብ ክንዲ ሓጥያተይ ከምዝሞተለይን ካብ ምውታት ድማ ከም
ዝተንሰኣን እኣምን ኣለኹ፣ ኦ ጎይታ የሱስ ካብ ኩሉ ሓጥያተይ ምሕረት ክትገብረለይን
ሓድሽ ሂወት ክትህበንን ይዕድመካ ኣለኹ፣ ካብዚ ሰዓት ጀሚረ ውሉድ ኣምላኽ
ክኸውን መሰል ስለ ዝሃብካንን ሓድሽ ፍጥረት ስለዝገበርካንን የመስግነካ
ኣለኹ፣” ኣሜን፣

ቃል ኣምላኽ ነንብብ ምስ እግዚኣብሄር ድማ ኩሉ ሳዕ ንዘራረብ! የውሃንስ 3።16

21

22

23

24

25

26

27

28

29

30

31

32